# ጸገም ፕሮስተይት



እዚ ወረቐ'ዚ ንገለ ተራ ዝኾኑ ሕቶታት መንሽሮ ፕሮስተይት ይምልስ። ብዙሓት ሰባት ሕማሞም ብምፍላጥ፡ ሕማሞም ንገዛእ ርእሶም ንክከናኸኑ ክሕግዙን የኽእሎም። እዚ ምስ ዶክተር ወይ ነርስ ንክትዘራረብ ዝኽልክል ኣይኮነን። እምበኣርከስ እዚ ሓበሬታ'ዚ ክትሓቱዎ ንእትደልዩ ሕቶታት ከም ሓባሪ ተጠቐሙሉ።

## ፕሮስተይት እንታይ እዩ?

ፕሮስተይት ኣብ ደቂ ተባዕትዮ ዝርከብ ጾታዊ ጽኪ እዩ። ግዝፉ ክንዲ ፍረ ምልዖ ዝኸውን ኣብ ዝበጽሐ ወዲ ተባዕታይ ይርከብ። ኣብ ዝተሓተ ቦታ ናይ ሞትሎ (መሽኒ ወዲ ተባዕታይ) ኣብ ትሕቲ ፍሕኛ ኣብ ድሕሪ መሃንቱስ ይርከብ።

ንገለ ፈሳሲ ዘርኢ ተባዕታይ ይትግብር።

ፕሮስተይት ኣብ ማእከሉ ጸቢብ ነኳል ኣለዎ። ቱቦ ካብ ፍሕኛ ሽንቲ ጸንቂቑ ናብ መትሎ ዘብጽሕ በዚ ነኳል እዚ ይሓልፍ።

## ጸገም ናይ ፕሮስተይ ከምዘለኒ ብኸመይ ክፈልጥ እኽእል?

ብዙሓት ደቂ-ተባዕትዮ ኣብ ግዜ ዕብየቶም (ኦድሚኦም ልዕሊ ሓምሳ ዓመት)፡ ገለ ጸገማት ናይ ፕሮስተይት ክህልዎም ይኽእል እዩ።

ምናልባት ዝኾነ ናይ ምሻን ጸገማት ክህልወካ ይኽእል። ገለ ወይ ኩሎም እዞም ዝስዕቡ ለውጢታት ክህልወካ ይኽእል።-

- ተሃዊኽካ ክትሸይን ምስ እትደሊ፡ ንክትጅምር ጸገም ይገብረልካ
- ክትሸይን ከለኻ ኣብ ሞንጎ ይዕገት
- ምፍሳስ ሽንቲ ድኹም ስለዝኸውን ነዊሕ ግዜ ይወስድ ወይ የቋርጽን ይጅምርን
- ሽንካ ምስ ወዳእካ፡ ጀረቕ ይብል
- ብዙሕ ዝሸየን ሽንቲ ዘይብልካ ከለኻ ምሉእ መዓልቲ ቀልጢፍካ ደጋጊምካ ብዙሕ ግዜ ትሸይን
- ለይቲ ካብ ድቃስካ ተባራቢርካ ሽቓቕ ትኸይድ። እዚ የድክመካን ጠባይካ የቐይረካ (ገጩውጩው የብለካ)
- ኣብ ዝኾነ ግዜ ንክትሸይን ትህወኽ
- ምስ ሽንካ ዘይወዳእካ ኮይኑ ይስምዓካ፡ ዋላ ዘይብልካ ከለኻ ክትሸይን ትደሊ
- ክትሸይን ከለኻ የቐንዝወካ ወይ የንድደካ
- ሓደ ሓደ ግዜ ምስ ሽንቲ ደም ይህሉ። ኩሉ ግዜ ብሓኪም ክምምርመር ይግባእ።

ከምዚ ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሰ እንተደኣ ሃልዩካ ወይ ተሰሚዑካ፡ ናብ ሓኪም ኬድካ ተረአ። ከም ቅቡል ናይ ዕቤት ምልክት ጌርካ ኣይትውሰዶም። ግቡእ ሕክምና ምግባር ክሕግዘካ ይኽእል እዩ።

## ጠንቂ ናይ እዚ ጸገም እዚ እንታይ እዩ?

ኣብ ተሞኵሮ ከም ዝተራእየ 90% ናይ እቲ ጸገም እቲ ፕሮስተይት ካብ መጠን ንላዕሊ ይዓቢ እሞ ንናይ ሽንቲ መተሓላለፊ ቱቦ ስለዝጸቕጦ እዩ። እዚ ጸገም እዚ በኒን ፕሮስታቲክ ሃይፐርፕላሲያ (Benign Prostatic Hyperplasia) ወይ ቢፒኤች (BPH) ተባሂሉ ይጽዋዕ። እቲ ጠንቂ ናይ ሆርሞን ምቅይያር ኣብ ፕሮስተይት እዩ። እዚ ደቂ ተባዕትዮ ካብ ሓምሳ ዓመት ንላዕሊ ዝዕድሚኦም ንዳርጋ ፍርቂ ዝኾኑ ይትንክፎም። መንሽሮ ኣይኮነን።

ሕበጥ ፕሮስተይት ሓደ ሓደ ግዜ ብሰንኪ ፕሮስታቲስ (Prostatis) ዝበሃል ረኽሲ ክኸውን ይኽእል። ከም ናይ ቢፒኤች (BPH) ምልክታት ኣለዎ፡ ዝያዳ ግን ንመንእሰያ የጥቅዕ።

ጸገም ፕሮስተይት መብዛሕትኦም መሽሮ ኣይኮኑን፡ ክሕከሙ ዝከኣሉ ምኻኖም ምዝካር የድሊ።

## ሓኪም እንታይ ክገብር ትጽቢት ይግበረሉ?

ብመጀርያ ሓኪም ክፈልጦ ዝደሊ ጠንቂ ናይ እቲ ጸገም እዩ። ነዚ ንምፍላጥ ነዞም ዝስዕቡ መርመራታት የጠቓልል፡-

### ኣሃዛዊ መርመራ መሃንቱስ (Digital rectal examination)፡

ግዝፍን፡ ቅርጽን፡ ኣሰራርዓን ፕሮተስተይትካ ንምግማት ጓንቲ ተጠቒሙ ኣጻብዕቱ ናብ መሃንቱስካ የእትዩ ይፍትሽ።

### ፍሉይ መርመራ ጸረነብሳት ኣብ ፕሮተስተይት (Prostate specific antigen test) ፒኣስኤ (PSA)፡

ጸረነብሳት ንምርካብ ካብ ፕሮተስተይት ደም ተውሲዱ መርመራ ይግባር። እንተ ደኣ እዚ ጸረነብሳት ብዝለዓለ ደረጃ ኣብ ደም ኣሎ፡ መንሽሮ ፕሮተስተይት ክህልወካ ይኽእል እዩ፡ ሓኪም ርግጸኛ ምእንቲ ክኸውን ዝያዳ መርመራ የካይድ።

### ባዮፕሲ (Biopsy)

እንተደኣ ኣሃዛዊ መርመራ መሃንቱስ ወይ ፍሉይ መርመራ ጸረ-ነብሳት ኣብ ፕሮስተይት ንምክያድ ዘይከኣል ኮይኑ፡ ሓኪምካ ናብ ፍሉይ ሓኪም ናይ ዘርኢ ስርዓተ ኣካል ከመሓላልፈካ ይኽእል። እዚ ናይ ዘርኢ ስርዓተ ኣካል ሓኪም እዚ ባዮቶፕሲ (ቅንጣብ ካብ ኣካል ንመርመራ ምውሳድ) ንኽግበር ይመክር፡ ነቲ ዘይጥዑይ ቦታ ናይ ፕሮስተይት ንምርካብ ኣልትራሳውንድ ኣብ መሃንቱስ የእቱ። ንመረመራ ዝኸውን ካብ ሹዱሽተ ቅንጣባት ንላዕሊ ካብ ፕሮስተይት ተወሲዱ ንዝያዳ መርመራ ናብ ስነሕማም ተማራማሪ (Pathologist) ይለኣኽ።

እዚ ኣገባብ'ዚ መብዛሕትኡ ግዜ መደንዘዚ ብዘይ ምጥቃም ይግበር። በዚ ጉዳይ'ዚ ሓኪምካ ክመኽረካ (ክብርሃልካ) እዩ። ናይ ባዮፕሲ መርመራ ጥራሕ እዩ ብዘይጥርጥር መንሽሮ ከምዘለካን ከምዘይብልካን ከረጋግጸልካ ዝኽእል። ባዮፕሲ እቲ መንሽሮ ኽንድየናይ ቀልጢፉ ክራባሕ ከምዝኽእልን፡ ኽነየናይ ከምዝተዘግሐን፡ ሕክምና ክግበር ከምዝኽእልን ከመልክት ይኽእል።

## ኣፈዋውሳ ናይ ፕሮስተይት ጸጋማትን ናይ ፕሮስተይት መንሽሮ ኣንታይ እዩ?

ኣዚ ኣብ ዘለካ ጸገማትን ክሳብ ክንደይ የሳቅያካ ምህላውን ዝምርኮስ ኣዩ። ንፍሉይ ኩነታትካ ዝምልከት ክውሰድ ዘለዎ ዝበለጸ ስጉምትታትን ኣታጋባብርኡን ሓኪምካ ክመርጽ እዩ። ዝዓበየ ፕሮስተይት ኣለካ ማለት ፕሮስቴት ካንሰር ክህልወካ ዝያዳ ተኽእሎ ኣሎ ማለት'ውን እይኮነን።

### መስመር ሓበሬታ መንሽሮ ብብዝሐ-ቋንቋታት

- ትግርኛ
  (03) 9209 0169
- English
  13 11 20

1 Rathdowne Street
Carlton Vic 3053
Australia
Telephone: 61 (0)3 9635 5000
Facsimile: 61 (0)3 9635 5270
enquiries@cancervic.org.au
www.cancervic.org.au

October 2006

# ጸገም ፕሮስተይት



The Cancer Council Victoria

## ቢፒኤች (BPH)

እዚ ሕማም'ዚ ብመድሃኒትን መጥባሕትን ክፍወስ ይኽእል።

መድሃኒት ንደረጃታት ጠንቂ ዕቤት (ሆርሞን) ክልውጥ ይኽእል፡ እዚ ማለት ፍሕኛ ንኽይጽቀጥ ንፕሮስቴት ክፍኩሶ ወይ ክጭብጦ ስለዝኽእል እዩ።መድሃኒት ቅድሚ ምልክታት ምምሕያሽ ንገለ ኣዋርሕ ክትወስዶ የድሊ ይኽውን፡ ስለ'ዚ ብዘይ ምቑራጽ ክሳብ ምልክታት ኣብ ትሕቲ ቑጽጽር ዝኣትዉ ክውሰድን ብሓኪምካ ስሩዕ መርመራን የድሊ።

ካብ ምጽቃጥ ፍሕኛ ደው ንምባል፡ መጥባሕቲ ብምጥቃም ክፋል ካብ ፕሮስተይት ምእላይ ይካኣል እዩ። ከምኡ'ውን ብናይ ብርሃን ጨርረታን (ልዘር) ማዕበላዊ ጽርጊ (ማይክሮዌቭ) ፍወሳ'ውን ክትጥቀም ይከኣል እዩ።

## ፕሮስታቲትስ (Prostatitis)

እዚ ሕማም'ዚ ብጸረ-ረኽሲ ከምልሙድ ዝፍወስ ኣዩ። ምናልባት ጸረ-ረኽሲ ንእዋርሕ ምውሳድ የድሊ ይኽውን። ንገለ ሰብኡት'ውን ብሕበጥ ፕሮስተይት ተዋሒጡ ንፍሕኛ ጸቕጢ ዝገብር ደው ንምባል መጥባሕቲ ዘድሊ ኮይኑ ይርከብ።

## መንሽሮ ፕሮስተይት (Prostate Cancer)

መንሽሮ ፕሮስቴት ምፍዋስ ሓደሓደ ግዜ ኣድላዪ ኣይኮንነን። 'ቐጻሊ ምርኣይን ትጽቢትን'፡ ዝኾነ ለውጢ ክሳብ ዝረአ ተኸታታሊ መርመራን ተፍትሽን ክግበር ብሕኪም ተመራጺ ይኽውን። ኣንተድኣ እቲ መንሽሮ ክዓቢ ጀሚሩ ኣብ ናይ መወዳኣታ ደረጃ ፍወሳ ክግበር ምኽሪ ክወሃብ ይኽእል።

ዝግበረልካ ፍወሳ ክሳብ ክንደይ እቲ መንሽሮ ኣስፋሕፊሑ ምህላውን፡ ከምኡ'ውን ኣብ ኩነታት ዕድሜኻን ጥዕናኻን ዝምርኾስ እዩ። እንተዳኣ እቲ መንሽሮ ዘየስፋሕፈሐ ፕሮስተይት ብመጥባሕቲ ክምዘልግስ ክግበር ይካኣል። ራድዮ-ተራፒ ወይ ብራክ-ተረፒ(ውሽጣዊ ራድዮ-ተራፒ) ዝባሃል መሳርሒ ብምጥቃም ንገል ሰብኡት ይግበረሎም።

እንተዳኣ እቲ መንሽሮ ኣስፋሕፊሑ፡ መንሽሮ ንኽይስፋሕፉ ዘደናጉን ደው ከብል ዝክእል ፍወሳ ክግበር ኣለዎ።

## ናይ ኣፈዋውሳ ምትሕልላኻት' ከ የጋጥም ዶ?

ንፕሮስቴት መንሽሮ ኣብ ዝግበር መጥባሕቲ ወይ ራድዮ-ተራፒ ሰለስተ ቀንዲ ምትሕልላኻት ክርከብ ይኽእል።

- ኣብ ገለ ሰብኡት መትሎ ኣይትስእን (ስምዒቶም ይለምስ)። እዚ ነርቭታት ብውሽጢ ፕሮስተይት ስለዝሓልፍ ምኽንያት ሳዕቤን ዕንቅፋት ድው ናይ ምባል ዘምጽእ እዩ። ኣብ ገለ ጉዳያት ካብ'ዚ ሓደጋ"ዚ ክተምልጥ ዘይከኣል ይኽውን ምኽንያቱ ኣቕውማ ናይቲ ካንሰር ምስቲ ነርቭታት ዘለዎ ምትእስሳር እዩ።
- ተኸታታሊ መጥባሕቲ፡ ኣብ ገለ ሰብኡት ሽንቲ ናይ ምቑጽጻር ዕቕሞም ይጠፍእ (ዘይተጻዋርነት የስዕቡ) ምኽንያቱ ኣብ ከባቢ ፕሮስተይት ዝርከቡ ጭዋዳታት ስለዝህሰዩ።
- ብራድዮ-ተራፒ (Radiotherapy) ዝግበር ሕክምና ሓደሓደ ግዜ ንዓቢ መዕንጣ ይትንክፍ። እዚ ማለት ውጽኣት ኣብ ግዜ ሕክምና ወይ ኣድላይነት ሕክምና ንዓቢ መዓንጣ የስዕብ።

ነዚ ምትሕልላኻት'ዚ ሕክምናዊ ሓገዝ ክርከበሉ ይካኣል እዩ። ቅድሚ ናይ ሕክምና ዉሳነ ምግባርካ ንሓኪምካ ምዝርራብ፡ ወይ ድማ በዚ ቁጽሪ'ዚ ብምድዋል 9209 0169 ንትካላት ሓበሬታ መንሽሮን ኣግልግሎት ደገፍን (Cancer Information and Support Service) ብምውካስ ክፍወስ ይከኣል።

## ምልክታት ሕማም ኣንተዘየለ'ኸ ስሩዕ መርመራን ተፍትሽን ክግበር ይኽእል ዶ?

መርመራ መንሽሮ ፕሮስተይት ብተኸታታሊ ንምግባር ምውሳን ወይ ኣብ ግምት ምእታው ብልሕን ምስትውዓልን እዩ።

ኣብ ውሽጢ'ዚ ዝሓለፈ ውሕድ ዓመታት፡ ንመርመራ መንሽሮ ፕሮስተይት ዝምልከት ቀጻልን ሓደሓደ ግዜ'ውን ከበድቲ ክትዓት ይካይዱ እዮም። ገለ ሰባት ኩሎም ሰብኡት ኣብ ዝተወሰነ ዕድመ ምስ በጽሑ ናይ ግድን መርመራ ክገብሩ ኣልዎም ኢሎም ይኣምኑ። ካልኦት ድማ ነቲ ውልቀ ሰብ ዝምልከት፡ ብምርጭኡ ክግበር ዘለዎ፡ ኣብ ኣፍልጥኡን ንቅሓቱን ዝምርኮስ እዩ ኢሎም ይኣምኑ።

ኣጠማምታና ሰብኡት ኩሉ ንመርመራ ዘድልዮም ሓብሬታት ክረኽቡ ኣለዎም ዝብል እዩ። ጉዳይ ዝምልከቶም፡ ኣብ ናይ ሓብሬታ መንሽሮ ፕሮስተይትን ናይ ሓገዝ ኣግልግሎትን ብ9209 0169 ብምድዋል ንኣማኽርትና ኣዘራርብ። ንመንሽሮ ፕሮስተይትን ኣተሓኻኽምኡን ዝምልከቱ ናይ ሓበሬታት ጽሑፋትና ኣንብብ። ኣብ ናይ መንሽሮ ፕሮስተይት መፍተል ሓብሬታ (ወብሳይት) www.prostatehealth.org.au ብምእትው ረአ። ምስ መንሽሮ ፕሮስተይት ዘለዎም ሰብኡት ተራኺብካ ተዘራረብ። ንሓኪምካ እዘራርብ።

ብዙሕ ዝተዳለወ ጥረ-ነገራት ኣሎ፡ ብወገና ድማ ሓበሬታት ክትረኽብሉ ትኽእሉ ዕድላት ክንሕግዘኩም ሕጉሳት እና።

ኣብ'ዚ ግዜ'ዚ ንመንሽሮ ፕሮስተይት ዝምልከት ስሩዕ መርመራ ክግበር ጎስጓስ ኣይነካይድን ኢና፡ ምኽንያቱ ኣብ'ዚ ደረጃ ብመንሽሮ ፕሮስተይት ዝሞቱ ሰብኡት ብዝምልከት፡ ብቑዕ መረጋገጺ ክኸውን ዝኽእል ጭብጥታት የለን። ስሩዕ መርመራ ምግባር ንጡፍ ተራ ኣለዎ ክንብል ኣይንደፍርን፡ ኣንጻር መርመራ ምግባር'ውን ምኽሪ ኣይንልግስን። ነዚ ሕቶ'ዚ ኣብ ግዚኡ ዝምልሽ ዓቢ መጽናዕታዊ ስራሕ ኣብ ግዕዞ ኣዩ ዘሎ።

በዚ ኹሉ ዝሃብናዮ ሓሳባት ዝበለጸ ሓብሬታት ረኺብካ፡ ብዛዕብኡ ናይ ገዛእ-ርእስኻ ውሳነ ንኽትገብር እዩ።

ንተወሳኺ ሓበሬታ፡ ናብ ናይ መንሽሮ ሓብሬታን ናይ ሓገዝ እገልግሎትን (Cancer Information and Support Service) 9209 0169 ደውሉ።

ከማኡ'ውን ኣብ ላዮንስ ኣውስትራልያ መንሽሮ ፕሮስተይት ወብሳይት (Lions Australia Prostate Cancer) www.prostatehealth.org.au ረኣዩ።

▷ *Tigrinya*

**መስመር ሓበሬታ መንሽሮ ብብዝሐ-ቋንቋታት**

- **ትግርኛ (03) 9209 0169**
- **English 13 11 20**

1 Rathdowne Street
Carlton Vic 3053
Australia
Telephone: 61 (0)3 9635 5000
Facsimile: 61 (0)3 9635 5270
enquiries@cancervic.org.au
www.cancervic.org.au

October 2006